

# ዶ/ር ሃብተ ተስፋማርያም

ዓንዲ-ማእከል ዶ/ር ሃብተ

ብሕጊ እንዳባ ዓምቢቡ ዝሸወተ

ብጭልቅዑ ንፍትሓዊ መሰላቱ ዝመነተ

ኣንጊሁ ዝወፈረ ስሕለቱ ዝመሸተ

ኮርዒዳ ወዲ ህዝቢ ሕላገቱ ዘይሰሓተ

ኣርኣያ ፍትሓዊ ቃልሲ ሸግ ሃልሃልታ

ተስፋ ውጹዓት ብርሃን ወጋሕታ

ኒሑ ዘይጽንቀቕ ዘይብሉ መሰታ

ተቖጢዑ ዝመጸካ ትቕበሎ ብፍሽኽታ

ብኸመይ ክጅምር ምቁር ቃላት ኣይተረኸበን

ሓሳባት ይተሓዋወስ ተደባሊቑ ይሕቆን

ብኹሉ ዝእንፈት በቢደረጃኡ ዝውድን

ንብቕዓትካ ዝገልጽ ፊደላት ኣይተረኸበን

ወዲ ህዝቢ ኢኻ ወዲ ኹሉ

ምሉእ ልቦናኻ ጎደሎ ዘይብሉ

ጸዋር ጎዱፍ ዘይውዳእ ዓቕሉ

ተረጋሪጉ ጸኒዑ ረጊጹ መትከሉ

ኣየ እወ ልቦና ያሕት

እናሓደረ ዝዕምብብ ዝሸውት

ብቑሊ ፍትሒ ጽሙድ ነዊት

ዓቕሉ ኣጽቢቡ ወይ'ከ ዘይህውትት

ጻልጣ ታሪኽካ ዘይሃፍፍ ዘይመውት

ኣርክበናዶ ኢሎም በዓል ዶ/ር ፍጹም
ከዳዓት ኣሕዋቶም ዘበልዎም ፍግም
ገመድ ሓድነት ክብተኽ ክሃጥም
ንህዝቢ ዝብትን ንተበለጽቲ ዝጠቅም
ዶ/ር ነዚ ክትፍውስ ጽዒትካ ዘይትደክም

ሕላገት መብጽዓ ብጾቱ ዘቐደመ
መሽቀቔ ዘይፈትሐ ፈጺሙ ዘይጠለመ
ኣርኪባ'ዶ ዓለም ዳግማይ ዘይተዳግም
መጋበእያ ዘይብላ ኣጸናትያ ትጠልም
ሰለሎ ኣትይዎ ህዝቢ ደኒኑ ክቑዝም

መስዋእትኻ ተነጊሩ መረዋሕ ተደዊሉ
ደላይ ፍትሒ ኣስቆርቑሩ ኣስተማሲሉ
ተዘኪሩኒ ንዶ/ር ፍጹም ሳሆ ከልቅስሉ
ባሮ ተለየ እናበላ ኣንስቶም ክበኽያሉ
እንሆ ሕጂ'ውን ሓባርና ንዶ/ር ሃብተ ንበኽየሉ
ለለባሙ ተመዝሒቑ ህዝብና ተበዲሉ

ተዛረቡ'ስከ ተመሃሮ ዩንስኮ ከሰላ
ዶ/ር ህብተ እንድዩ ትማጉቱ ዝተኸላ
በዓል ዲግሪ ኮነ ዶ/ር ዝፈረየላ

እንታይ'ከ በልኩም ዶ/ር ሃብተ ምስ ዓረፈ
ታሪኹ እስከ ጽወይሉ ብጥልሉ ከይሃፈፈ!!

ይኣኽለኒዶ ኢልካ እዋን ዓንቂጹ
ጊዜ ሓሲሙ በዚሑም ኣናጹ
ብኣፈት እንተመጻእካ ብመስኮት ዝወጹ
ብመስኮት እንተ መጻእካ ብኣፈት ዝነፍጹ
ኣጋንንቲ በዚሑም ጥቕራን ዝምውጹ
መሎኮት ዘይብሎም ብህዝቢ ዘላግጹ

ኣነ-ኣነባ ዝብሉ ብምድንጋር ዝወርጸጹ

ከይሰማምዑ ዝሓንገዱ መናእሰይ ዘናውጹ

ንኢሰያስ ጥራሕ ክውንጅሉ ዝቐርጸጹ

ሕልናኦም ዝሸጡ ምንጽጻግ ዝመረጹ

ዘይተናሕሲ ሞት ኣርኪባ ማህደርካ ክትዓጹ

ከተማእከል ጽዒትካ እንታይ'ከ ዘይፈተንካ

ምስ ሃይማኖታውያን ከይትረፈ ዘቲካ ተማኺርካ

ምሸት-ምሸት ናብ እኩባት ጉጅለታት እናዘርካ

ህዝብና ነድሕን ክትብል በቲ ልዙብ ቃላትካ

ከመይ ጌረ ክርስዖ ሞያካ ከዘንትወልካ

ሓቂዶ ሓሰት መስክረ/ር ውዕሎ 2010 ዝወዓልኪ/ካ

ዘይትጸዓድ ሓየት ሞት ሓያል ኣሰኒፋትካ

ወረ ክሓቱኻ ክጎዩ'ዮም ስዉኣት ብጾትካ

እንታይ ከም እትምልስ ሽዑ'ዩ ዝሕርብተካ

ብሰላም ዕረፍ ክሳብ ነርክበካ

ሰማይን መሬት ዝፈጠረ ብሰላም ይቀበልካ

መንግስተ-ሰማይቱ የርስካ!!!!

ጽንዓት ይሃብኩም ንስድራ-ቤቱ ጠልን ራሕስን ይግደፈሎም! ከምኡ'ውን ጽንዓት ይሃብ ንኹሎም ብጾቱን መቓልስቱ ኮነ ፈተውቱ።

**ገብረሂወት-ወልደሚካኤል**

25-01-2017 ስቶክሆልም